# ዑደት ዙራሞ ሃገርካ ኣባላት ሃማደኤ ጀርመን

ዕላማ ዑደት ኣባላት ሃማደኤ ጀርመን ብመጀመርያ ንመበል 19 ጽንብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ሃገርና ንምብዓል ከምኡውን ነቲ ብምምሕዳር ኣሜርካ ባይቶ ውድብ ጸጥታ ብዓንቀጽ 1907&2009 ዝፍለጥ መርትዖ ዘይብሉ ዘሕንኽን እገዳን ብዕለት 22.02.2010 ብዕዉት ህዝባዊ መኸተ ኣብ ስልፊ ጀኔባ  ዘፈሸለ ፡ ሕጅውን ኣባላት ሃማደኤ ጀርመን እዚ እገዳ ኣብ ርእሲ ሕዝቢ ኤርትራን ሃገርናን ተወሰኑ ዘሎ ክሳብ ዝለዓል መኸትና ቀጻሊ ብምኻኑ፡ ብመንግስትና ዝዕመም ዘሎ ዘሐብንን ስፋሕቲ ሃገራዊ ስራሐትን ልምዓትን ንምርኣይ 80 ኣባላት ሃማደኤ ጀርመንን ውሑዳት ደቒ ተባዕትዮን ካብ ጀርመን ተበጊስና መበል 19 ጽንብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ሃገርና ድሕረ ምብዓል ፡
ብዕለት 26.05.2010 ካብ ኣስመራ ብምብጋስ ንከረን ድሓር ንባርንቱ ብምብጻሕ ነቲ ብሃማደኤ ጀርመን ዝተሃንጸ ሕንጻ ድሕሪ ምርኣይን ብኣምሓደርቲ ጋሽ ባርካን ኣደወንበር ሃማደኤ ጋሽ ባርካን  ወ/ሮ ሳልሓ ኣደም ዝተገብረልና ህያባትን ኣቃባብላን ብምድናቕን ብምምስጋን ንተሰነይ ኣምራሕና፡ ብክልተ ኣባላት ሚ/ምክልኻል መኰንን ሓበሬታን ጕስጋስን ኣብቲ ኣገዳሲ ቦታታት ሓጺር መግልጺ እናተዋህበና ካብ ተሰነይ ፋንኮ ጽሙእ፡ ፋንኮ ራዊ፡  ዲጋታት  ገርስት ብምርኣይ ካብኡ ገርስት ብምሕዳር ንሳዋ ኣተና ፡ ኣብ ሳዋ ከባቢ፡ ሳውራ ዝፈለመሉ ዓቢ ታሪኻዊ ቦታታት ፍጻሜታት ዝሓቖፈ ታባታት ጕቦ ኣዳል ፡ ጕቦ ኣማል፡ጕቦ ተጕርባ ፡ ነዚ ኣገዳሲ ቦታታት ሓጺር መግልጺ እናተዋህበና ኣብተን ናይ ሞያዊ ስልጠና ዝህባ ትካላት ፡መሰልጠኒ ሞያ ጽርበት ሓጺኒን ዕንጨይትን ፡ መሰልጠኒ ሞያ ዘመናዊ ከበድቲ ማሽነሪ ህንጻን ሕርሻን፡ መሰልጠኒ ሞያ ህንጻን ቴክኖለጂ ፡ መሰልጠኒ ሞያ ንግድን ምሕደራን፡ መሰልጠኒ ሞያ ሕርሻን ቴክኖለጂን ክሳብ 3000 ተማህሮ ዝስልጥኑሉ ቦታታት ብሓለፍትን መማህራንን መግልጺ እንዳተዋህበና ተዘዊርና ተዓዚብና፡ እቲ ተዳልዩ ዘሎ መምሃሪ ክፍልታት ፡ ናይ መምሃሪ ንዋት ኮምፕተራት ብተማህሮ ዝፈረየ ስርሓትን ብምዕዛብ ኣድንቆትናን ዕግበትናን መግልጺ ኣይረኸብናሉን፡
ጉዕዞና ካብ ስዋ ነታ ባህርያዊ ጸጋ  ኩቡር ማዕድናት ኤርትራ ዝርከባ ቢሻ ንምርኣይ ኣምራሕና፡ ኣብኡ ምስ ብጻሕና ብዝተገበረልና ኣቃባብላን ፡ መግለጺ ዑደትን ኣብቲ ናይ ዕድና ቦታ ከድና ብምርኣይ መግለጺ ሓጐስና ወሰን ኣይነበሮን ፡

ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ  ኣብ ከረን ብምእታው ብኣማሓደሪ ዞባ ዓንሰባን  ብ ኣደመንበር ባይቶ ዞባ ዓንሰባን ኣደመንበር ሃማደኤን ኣማሓደርቲን ሓለፍቲን ወከልቲ ሃማደኤ ድሙቕ ኣቀባብላ ተገይሩልና ተማሳጊና ካብ ከረን ኣብ ሕርሻ ዒላበርዕድ ብምርኣይ  ንቕሎ ናብ ኣስመራ ኮነ ፡ እቲ ቀዳማይ ዑደት ጋሽ ባርካ ኣብ አስመራ ድሕሪ ምዝዛም፡

ኣብቲ ካልኣይ ክፋል ዕደት ካብ ኣስመራ ፎሮብያ ጉዕዞና ብባቡር ናብ ነፋሲት ኣምራሕና፡ ካብ ነፋሲት ድማ ብሚኒባሳት ገርና ጉዕዞና ንምጽዋዕ ቐጸልና ፡ ኣብ ምጽዋዕ ኣደመንበር ሃማደኤ ሰ/ቀ/ባሕሪ ተዓጀብና ኣብ ሆቴል ግርጉሱም ድሕሪ ምዕራፍና፡ ንቤተመዘክር ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣምራሕና ፡ ኣብቲ ቤተመዘክር ብኣባላት ቤተመዘክር መግልጺ እንዳተዋሃበና  ነቲ ሓፈሻዊ መናባብሮ ናይቲ ዞባ ፡ ዑቁር ሃብቲ ናይቲ ዞባ ፡ ታረኽ ብረታዊ ቃልሲን ብጽሑፍን ብስእልታትን ተዓዚብና፡ ኣብቲ ብምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዝተገብረልና እንግዶት ኣቀባብላን እንዳተመስጥና ፡ ንጽብሒቱ ጉዑዞና ብመራኽብ ናብ ደሰታት ዳህልክ ኣቲና ነቲ ኣብ ዳህላክ ንዝሳልስል ዘሎ ፕሮጀክትታት ምህናጽ መዛናግዒ ድሕረ ምርኣይ ንምጽዋዕ ተመልስና፡ ካባኡ ብስሜናዊ ባሕረ ፍልፍል ፡ መድሃኒት ፡ ፈገና ፡ ሳቡር ምስ ብጻሕና ፕረስደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ምስ ኩለን ኣባላት ማእከልይ ቤት ጽሕፈትን  ኣደታትን ሃማደኤ ሰሜናዊ ባሕሪ ኣብኡ ጸኒሐን ብድሙቕ ኣቀባብላ ተቐቢለን ዑውት ዑድት ኽኮነልና እንድተመነያ ስናይ ምንዮተን ድሕረ ምግላጽ ንኣስመራ ብምምላስ ጽንብል ዙራሞ ሃገርካ ኣባላት ሃማደኤ ጀርመን ብዓወት ተዛዚሙ ።

ዓወት ንሓፋሽ
ሃማደኤ ጀርመን
24.06.2010

PDF created with pdfFactory trial version www.pdffactory.com